## ሰራዊት ህግደፍ ብዓቐን ኮነ ብዓይነት ኣዝዩ ብምድኻሙ

## ኣዘዝቲ ኣብ ከቢድ ሻቕሎት ከም ዝኣተውን ተገሊጹ።

ብዓቐንን ብዓይነትን ምንቁልቋል ወተሃደራቶም ዘሻቐሎም ጀነራላት ህግደፍ፡ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ሓውሲካ፡ ዓዲ ዓዲ እናኸዱ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ገፊፎም ኣብ ከባቢ ዓላ ናብ ወተሃደራዊ ተዕሊም የእትውዎም ከም ዘለው ቤት ጽሕፈት ዜና ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብ20 መጋቢት 2017 ኣብ ዝዘርገሖ ዜና ኣፍሊጡ።

ቤት ጽሕፈት ዜና እቲ ሰልፊ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ከረን ንመንበሪ ውጉኣት ሓርነት ተባሂሉ ዝተሃነጸ ኣባይቲ ንሓደ ኩባንያ ከም ዝተዋህበ፡ ነቶም ኣብኡ ዝነብሩ ዝነበሩ ውጉኣት ኲናት ጸገም ከይፈጥርሉ ብምስጋእ፡ "ነናብ ትደልይዎ ዞባታት ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም" ብዝብል ምስምስ ፋሕፋሕ የብሎም ከም ዘሎ፡ ይኹን 'ምበር እዞም ምሉእ ኣካል ዘይብሎም ሓርበኛታት ተበታቲኖም ናብ ዝኸድዎ ቦታ ስለ ዘይብሎም ኣብ ከቢድ ጸገም ውዲቐም ምህላዎምን ኣረዲኡ።

## ትካላት ሰብኣዊ ረዲኤት፡ ኣመሪካ ንሰብኣዊ ረድኤት ትልግሶ ዝነበረት ገንዘብ እንተቐኒሳቶ

## ኣብ ልዕሊ ተጸበይቲ ሓገዝ ተጽዕኖ ክፈጥር'ዩ ክብሉ ስግኣቶም ገሊጾም

ኣመሪካ ብባህሪያውን ሰብ ዝሰርሖ ምኽንያታትን ካብ ቤት ንብረቶም ንዝተፈናቐሉን ካልኦት ከም ትምህርትን ጥዕናን ንዝኣመሰሉ ትካላትን ዝውዕል ትልግሶ ዝነበረት ገንዘባዊ ሓገዝ ከም እትቕንስ ምግላጻ፡ ዝተፈላለዩ ኣብ ሰብኣዊ ረድኤት ዝተዋፈሩ ማሕበራት፡ ኣብ ተጸበይቲ ረድኤት ከቢድ ተጽዕኖ ክፈጥር'ዩ ክብሉ ዝሓደሮም ስኽፍታ ይገልጹ ከም ዘለው ማዕከናት ዜና ክጽብጽባ ቀኒየን ኣለዋ።

ኣመሪካ ንፕሮግራም መግቢ ዓለም እታ ዝለዓለ ገንዘብ እትስልዕ ሃገር'ያ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ጥራሕ ልዕሊ 2 ቢሊዮን ዶላር ኣበርኪታ'ያ ዝበላ እተን ማዕከናት ዜና፡ ሕጂ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራሕ ልዕሊ 20 ሚሊዮን ሰባት ኣብ ሓደጋ ጥሜት ከም ዘለው ኣብ ዝዝርበሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ንውድብ መግቢ ዓለም ንልግሶ ዝነበርና ገንዘብ ክንቅንሶ ኢና ምባሉ ኣብ ተሓገዝትን ሰበስልጣን ትካላት ረዲኤትን ከቢድ ጸቕጢ ፈጢሩ ኣሎ ክብላ ሓቢረን።

ውድብ መግቢ ዓለም ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሎሚ ኣዝዩ ብዙሕን ህጹጽን ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ ዘሎ ኣሸጋሪ ወቕቲ፡ ብመሰረት ምምሕዳር ትራምፕ ኣቕሪብዎ ዘሎ ንድፊ፡ እቲ ንትካላት ረዲኤት ትልግሶ ዝነበረት ገንዘብ፡ ብ30% ክጎድል'ዩ። በዚ ንዝፍጠር ጎደሎ ዝመልእ ድማ ዛጊት ኣይተረኸበን ክብል ኣረጋጊጹ።

## ኣብ ዶባት ኤርትራ ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ዝጸንሐ ፍልይ ዝበለ

## ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳትን ምድላዋትን ይግበር ኣሎ ክትብል ረድዮ መድረኽ ሓቢራ።

ኣብ ኩሎም ከባቢታት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ናይ ውግእ ምድላዋት ዝመስል ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ይረአ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ከባቢታት ዓሰብን ጾሮናን ካብ ዕለት 13 መጋቢት 2017 ጀሚሩ ከቢድን ማእከላይን ኣጽዋር ምድላው፤ ሓደስቲ ድፋዓት ብዶዘራት ሙኻዓት፤ ምንቅስቓስ ሰራዊት፤ ንጥፈታት ይረአ ምህላዉ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ምስዚ ምድላዋት ዝተኣሳሰር'ዩ ተባሂሉ ዝግመት፤ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሚዒጥር ብጥርጥራ ተኣሲሮም ዝጸንሑ ዜጋታት፤ ብ15 መጋቢት 2017 ነጻ ከም ዝተለቁ፡ ታዕሊም ዘይወሰዱ ናብ ታዕሊም፡ ዝተዓለሙ ከኣ ናብ ኣሃዱታቶም ከም ዝተላእኩ፡ ብተመሳሳሊ ዕለትን ኣገባብን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣቤይቶ'ውን እሱራት ከም ዝተለቁን ዝገለጸት መድረኽ፡ እቲ ኩነታት ከም'ዚ እናሃለወ ብ11 መጋቢት 2017 ኣባላት ስለያ ግንባር ዝነበሩ 13 ወተሃደራት ህግደፍ ካብ መነኸሰይቶ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝሰገሩን ኣረጋጊጻ።

<u>ናይ ሜጀርነት ሓላፍነት ዝነበሮ ወተሃደር ህግደፍ፡</u>
<u>ህይወት ዜጋታቱ ንምድሓን ክብል ናይ ህይወት ዋጋ ከም ዝኸፈለ ተፈሊጡ።</u>

ኣብ ከባቢ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ናብ ኢትዮጵያ ንምስጋር ተበጊሶም ዝተባህሉ'ሞ፡ ብኸቢድ ጥሜት፡ ድኻምን ሕማምን ተጠቒዖም እናሃለው ኣብ ትሕቲ'ቲ ተኲስካ ቅተል መምርሒ ዝተዋህቦ ሰራዊት ከም ዝወደቑ፡ ሜጀር ኣባዲ ሃይለ ዝተባህለ መራሒ ናይ'ታ ኣብ ከባቢ መስሓል ኣኽራን ዝነበረት ኣሃዱ፡ ብኩነታቶም ደንጊጹ፡ ህይወቶም መታን ከድሕኑ ጉዕዞኦም ክቕጽል ከም ዝፈቐደሎም፡ ከም ኣጋጣሚ ኣብ ዓዲ ጠላዕ ብካልኦት ኣባላት ስለያ ስለ ዝተታሕዙን፡ ሜጀር ኣባዲ ጉዕዞኦም ክቕጽሉ ከም ዝፈቀደሎምን ብምግላጾም፡ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ቀሪቡሉ ብሰብኣውነት ዝብል መረዳእታ ኣቕሪቡ ክሰምዕዎ ስለዘይከኣሉ፡ እቲ ምስሕሓብ ናብ ብረት ምምዛዝ ማዕቢሉ ሰለስተ ቀቲሉ ከምዝተሰወአን ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ገሊጹ።

ብካልእ ዜና፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ግዝኣት ኤርትራ ኣብ ዝርከብ መደበር ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ብ4 መጋቢት 2017 ሰዓታት ወጋሕታ ኣብ ከባቢ ከሎማ “ገርሰለ” ዝተባህለ ቦታ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ፡ ኣብ'ቲ መደበር ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ፣ ሶማልን ጅቡትን ከም ዝነበሩን ኣረዲኡ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰልማን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 24-03-2017